# ተመስገን ገብረየሱስ ስነ-ጥበባዊን ጋዜጠኛ

ነብስና ንድሕሪት ምልስ ኢልና ናብ 2000-2001 እንተ ሪኢና ዶባዊ ግርጭት ደው ኢሉ፡ በሰላ ኹናት ጋና ካብ ኣእምሮ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ዘይትሓከሉ፡ ህዝቢ መስዋእቲ ብዙሓት ለይለይ ዘብሉ መንእሰያቱን ኣያታቶም ተጋደልትን ገና እንዳ ሓቀዮ ከሎን፡ በቲሓ ደወገን ድማ ተዛማዲ ሩፍታ ብምርካቡ ፈጣሪኡ ዘመስግነሉ ዝነበረ እዋን እዩ ኔሩ። ብኻልእ ሸነክ ድማ እተን ኣብ እዋን ግዜ ኹናት ህዝቢ ግቡእ ሓበሬታ ዝምግባ ጋዜጣታት ብሕቲ ሰቲት፡ ቀስተ-ደመና፡ መቓልሕ፡ ዘመን፡ ኣድማስ፡ ዊንታና ኣብ ማዓልታዊ መነባብሮ ህዝቢ ኣድህቦአን ጌረን ክጽሕፋሉ ዝጀመራ እዋን እዩ ኔሩ። ህዝቢ ሪኢትኡ እንዳፍሰሰን እንዳነቀፈን የንብበን ኔሩ። እዘን ጋዜጣታት እንዳንበበ ነቲ ኣበሳ ኲናት ናብ ድሕሪት ኣእምርኡ ዝደፍኣሉ ዝነበሩ ወቅቲ 'ውን እዩ ኔሩ። ኤርትራ ብሰነ-ጥበብ ሃብታምን ኣእላፍ ኤርትራዊያን መንእሰያት ድማ ምንጭ ዋሕዚ ግጥምታትትን ልብ-ወለዳትን ሙኻኖም ዘመስከርሉ እዋን እዩ ኔሩ። እቲ ወቅቲ ናይ ብሓቂ ኤርትራዊያን ከም ህዝቢ ብዛዕባ መጻእኦም ክማያየጥሉን ክካታዕሉን ፖለቲካዊ ኣራኣእያኦም ብናጻ ዝገልጽሉ መድረኽ እዩ። ህዝቢ መንግስቲ ከም ኣገልጋሊ ህዝቢ ዝገበሮ ጌጋታት ክቅበል ከምዝግብኦን፡ ጉድለታት ክእረምን ዝተጋገየ ንህዝቢ ይቕሬታ ክሓትትን ከምዘለዎ ዝመያየጠሉ እዋን እዩ ኔሩ።

ኣብቲ ግዜ ዝነበረ ሕቶታት ብህድኣትን ሰለማዊ መንገድን ተፈቲሑ ኔሩ እንተዝኸውን፡ ፖለቲካዊ ሃገርና ካብ 'ዚ ሕጂ ንርእዮ ዘሎና ቅልወላውን ሕምስምስን ነጻ ምኮነ ኔሩ። እንተኮነ ግን ሓቂ ክገጥሙዋ ዓቕምን ክእለትን ዘይነበሮም፡ ቦጅባጃት መራሕቲ ህግደፍ ነቲ ሓቂ ብሓይሊ ጓዕጺጾም ንኩሉ ሕቶታት ግዝያዊ ሩፍታ ንክረክቡ ዓፈኖሞ። እንተኮነ ግን በትሪ ሓቅስ ትቕጥን እምበር ኣይትስበርን ክምዝብሃል እቲ ሓቂ በርሃው ኢሉ ይወጽእ ኣሎ። ነቶም ንሓቂ ዓቢጦም ኣብ ኮረኻ ስልጣን ኮይኖም ዘግባዕብዑ ዘለዉ ውሑዳት ፈራሓት ድማ እቲ ዝዓበጥዎ ሓቂ ብውሽጢ ተበላሊዑ እሳተ-ጎመራ ኮይኑ ክልበልቦምዩ። እዚ ዘይተርፍ ሓቂ ንምንጽብራቕ ድማ'ዩ ድምጺ መስልና ደሊና ንድምጺ 'ዞም ምዑታት ድምጺ ህዝቢ ሒዛትለኩም ትቀርብዘላ፡ ንሎሚ ብዛዕባ ጋዜጠኛ ተመስገን ገብረየሱስ ሂዝናልኩም ቀሪብና ኣሎና።

ተመስገን ገብረየሱስ ሓጽር ሮጉድ ዓይኑ ፍሩይ ምልኩዕ ተዛራባይ መንእሰይ እዩ። ተመስገን ኣብ ኣስመራ ገዛ ብርሃኑ ተወሊዱ ስጋብ ግዜ ንእሰነቱ ድማ ኣብኡ ዓብዩ። ተመስገን ሓደ ካብቶም ብንእሰነቶም ትምህርቲ ንፉዓት ዝነበሩ ተማሃሮ ኮይኑ ድሕሪ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ግን ብዝነበሮ ናይ ስድራ ሓላፍነትን ዝምባለ ሰነ-ጥበብ ትምህርቱ ብመንፍዓት ክቕጽል ኣይካኣለን። ድሕሪ ማትሪክ ምክፋሉ፡ ድርብ ሓላፍነትን ዝንባለን እንዳአወጠጦ ነቲ ናይ ምምሃር ጽምኡ ንምርዋይ ምሸታዊ ኣብ ኣሰመራ ዩኒቨርስቲ ብስነ-ሕሳብ ናይ ዲፕሎማ ትምህርቱ ቀጺሉ።

ኣብ ስነ-ጥበብ ብዝነበሮ ዝምባለ ስለዝደፍኣሉ ፍሉጥ ኮመድያን ተዋሳኣይን ንክኸውን ዝበቕዐ። ኣብ ርእሲ 'ዚ ኣብ ግዜ ስርዓት ደርግ ናይ ኣሰመራ ኣጠቃላይ ድሕሪ ናጽነት ድማ ናይ ኣዱሊስ ባንድ መራሒ መድረኽ ብሙኻን ዘገልገለ ፍሉጥ ስነ-ጥበባዊ እዩ። ተመስገን ካብ ብሞያ ጋዜጠኛነት ብናይ ስነ-ጥበብ ሞያኡ እዩ ዝፍለጥ። ገለ ካብተን ዝተዋስኣለን ስነ-ጥበባዊ ስርሓት ንምጥቃስ "ዮፐ ውዲ ጎቦ"፡ 'ኣኺ ዴቶ"፡ "ጠራሮ" ንምጥቃስ ይካኣል። ከም ኩሉ ዕባይ ኣስመራ ክዑሶ እግርን ኮርሶ ብሸክለታን ምክትታል ኣዝዩ ዘፍቅር መንእሰይ እዩ ኔሩ። ተሜ ሓደ ካብቶም ብክብሪ ዝፍለጡ ደገፍቲ ጋንታ ቀይሕ ባሕሪ ዝነበረ።

እዚ ኣብ ስፖርት ዝነበሮ ፍቕርን ሰለዝደረኾ ብውለቁ ሪፖርት እንዳጻሓፈ ናብ ጋዜጣታት ዘልእክ ዝነበረን፡ ምስ ጋዜጣ ቀስተ ደመና ከም ሪፖርተር መደብ ስፖርት ኮይኑ ክሰርሕ

ዝጀመረ። ስነ-ጥበብዊ ክእለቱን ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ዘለዎ ምልከት'ዩ ኣባል ቦርድ ቅስተ-ደመና ብሙ`ኧን እቲ ካብኡ ዝተጠልበ ግቡእ ብሓላፍነት ከገልግል ዝበቅዐን። ተመስገን ቅድሚ ሳልሳይ ወራር ናብ ሳዋ ብምውራድ ግቡእ ኣጎልግሎቱ ኣብ ምፍጻም ኔሩ። ካብቶም ካብ ሰራዊት ናብ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ ንናይ ዲፐሎማ ማዓርግ ዝተሳሕቡ ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት እዩ ኔሩ። ተመስገን ኣብ ልዕሊ 'ዚ ነቲ ኣብ መሳርሒ ሙዚቃ ዝነበሮ ክእለት ክብ ብምባል ሙዚቃዊ ኮመዲ ክጻወት ትምቢት ከምዝነበሮ' ውን  ብቀረባ ዝፈልጥዎ የዕልሉ እዮም። ተመስገን ባዓል ሓዳርን ኣቦ ሓደ ቆልዓን እዩ። እዝን ካልእን እንዳሓሰበ ከሎ እምባኣርዩ ኣብ ቀይዲ ዝኣተወ።

ብዕለት 18 መስከረም ጋዜጣታት ብወግዒ ምስታዓጸዋን፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ ኣብ ቀይዲ ምስ ኣተዉ፡ ገለ ሰባት ኣብቲ እዋን ዕጫ ጋዜጠኛታት 'ውን ይርኣዮም ስለዝነበረ ንተመስገን ኣብ ዝሓትሉ ዝነበሩ እዋን "እንድዒ እቶም ፖለቲካ ዝጽሕፉ ዝነበሩ ጋዜጠኛታት እምበር። ኣነስ ደሓን እየ። እንድዒ ድማ ካብቶም ኣዳለውቲ መደብ ስፖርት ሓዳስ ኤርትራ 'ተመስገን ኣብ ጋዜጣ ቀስተ-ደመና ሓስዩ ማዕረ ተፈላልየን ከለዋስ ቀይሕ ባሕሪ ንምድላው መግቢ ሰለስተ ብባዶ ስዒራታ' ኢሉ ጽሒፉ ኢሎም እንተዘይሓሲዮምለይ ኢሉ ይጭርቅ ከምዝነበረ ብቀረባ ዝፈልጥዎ የዕርኩቱ የዕልልሉ።

እቶም ሕጂ ተክሻሕና ዕርቃና ወጻና ጠፋእና ህዝቢ ፈለጠና ብምባል ንኩሉ "ኣእምሮ ዘለዎ ኤርትራዊ" ኣብ ቀይዲ ንምእታው ፈን፡ ፈን ዝበል ዝነበሩ ህግደፋዊያን ግን ነቲ ኣዳላዊ መደብ ስፖርት ዝነበረ ተመስገን 'ውን ዝፈልጠ ካልእ ሓቂ ንከይህሉ ዳጉኖሞ። ብሰሪ 'ዚ ባዓልቲ ቤቱ ብዘይ ሰብኣይ፡ ወዱ ብዘይ ኣቦ ተሪፎም። እዚስ ምስ ምንታይ ዓይነት ታሪክ ኣዛሚድካ መመክነይታ ክውሃቦ ይክእል። እሞ ተመስገን ካልኦት ጋዜጠኛታት በደሎም ከይተፈልጠ ንሓሙሽተ ዓመት ብዘይፍትሒ ታኣሲሮም ይርከቡ። ከም ህዝቢ ተሳዓርትን ወደቅትን ከይንከውን ንፍትሕን ርትዕን ደው ንበል።